<u>ስቱትጋርት 05/07/201</u>

## ዕውት ኣኼባ ሽማግለ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ
## ስቱጋርትን ከባቢኡን

ሽማግለ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ስቱትጋርትን ከባቢኡን ከምቲ ኣቐዲምና ብመራኸቢ ብዙሃን ክንሕብሮ ዝጸናሕና ድሕሪ ነዊሕ ተኻታታሊ ኣኼባታት ምስልሳል ብዝተዋሃባ ናይ ህዝቢ ሓላፍነት ማለት ናብ ሃገራዊ ዋዕላ ዝሳተፉ ካብ ውድባዊ ይኹን በርገሳዊ ማሕበራት ነጻ ዝኾኑ ብህዝቦምን ሃገሮምን ዝሓሙን ኣብ ክሊ ደንበ ተቓውሞ ዓቕሞም እንዳ ፈጸሙ ብተገዳስነት ኣብ ሰላማዊ ሰልፊ ይኹን ካልእ ንጥፈታት ክዋስኡ ጸኒሖም ዝበለቶም ኮምኡውን ብተሞኩሮን ዓቕምን ተመዚኖም መልእኽቲ ህዝቢ የብጽሑ እዮም ብምባል ዝቐረብቶም ሽዱሽተ(6) ኣባላት ዝርከብዋ ብምርኻብ ነዊሕ ሰዓታት ዝወሰደ ሓሳብ ንሓሳብ ብምልውዋጥ ዕውትን ኣገዳስን ኣኼባ ብምክያድ ብዕሊ ኣብ ቅድሚ ኩሎም ሽማግለታት ብምልላይ ንዘኺዶም ዘሎ መሰረታዊ ዓላማ ንምዕዋት ክድግፎምን ክጠቕሞም ዝኽእል ምኽርን ርእይቶን ለበዋን ካብ ኩሉ ኣባል ሽማግለ ብምስናቕ እቲ ኣኼባ ብፍሉይ ስምዒት ብዓወት ተዛዚሙ፡

ሽማግለ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ምስቶም ጉልበቶምን ግዚኦምን ከይቆጠቡ ብሓላፍነት ንህዝቦምን ሃገሮምን ንምድሓን ወኪሎምን ሓሪኖምን ክላኣኹን ከገልግሉን ተቐሪቦም ዘለው የሕዋት ኣኼባ ብምቕጻል ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተኻየደ ኣብ ውሽጢ ውሱን ዝተጻበበ ግዜ ብዘይ ዕርፍትን ሽለል ምባልን ናይ ህዝቢ ሕድርን መልእኽትን ኣብ መፈጸምትኡ ከነብጸሖ ንዝተሓባበሩና ኩሎም ንምምስጋንን ንዝለኣኸና ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝቃለስ ህዝብናን መታን መሊኡ ከዕጥቕምን ተወሳኺ ርእይቶ ከህብትሞምን ክላበዎምን መሪቑ ከፋንዎምን ንሰንበት ዕለት 18/07/2010 ኣብ ስቱጋርት ናይ ህዝቢ ኣኼባ ክግበር ብምሉእ ዕግበት ብምውሳን እቲ ኣኼባ ብኣላዝቦ ዝመለአ ሃዋሁው ተፈጺሙ፡

ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ!!
ንምዕዋቱ ንበገስ ኣይነዕጠጢ!!
መድረኽ በሲሉ ኮይኑሎ መሳጢ!!
ህግደፍ ክሰዓር ብሓንቲ ኅስጢ!!

እንበኣርከስ ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ኣብዚ ዝተባህለ ዕለት ንወከልትና መሪቕና ከነፋንዎም ሽማግለ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጥን መላእ ሽማግለ ስቱትጋርትን ከባቢኣን ብኽብሪ ትዕድምን ተማሕጽንን፡

ናይ ኣኼባ ቦታ ኣብቲ ኩሉ ግዜ እንእከበሉ ልዕሊ ማሕበር ምትሕግጋዝ እዩ፡
ኣድራሻ Landhaus str.62
70190 Stuttgart
ሰዓት ካብ 1400 ክሳብ 1900
ብሰላም የራኽበና፡
ክብርን ዝኽርን ንጀጋኑ ሰማእታትና፡
ሽማግለ ስቱትጋርትን ከባቢኡን፡